

# ትንሳኤ ጐይታናን ትርጉሙን

ብመም ተኪአ መብራህቱ

ካብ ቀዳማይ ክፋል ዝቐጸለ።

ኣብ “ብስራት” ሕታም ቍጽሪ 36፡ ሚያዝያ 2003፡ “ትንሳኤ ጐይታናን ትርጉሙን” ብዝብል ኣርእስቲ ሕቶታት ኣልዒልና፡ ነተን ክልተ ቀዳሞት ተዛቲ ናለን ኔርና፡፡ ቀጺልና በተን ዝተረፋ ክልተ፡ 3ይቲን 4ይቲን ተዛቲና ንዛዝሞ፡፡

3. ትንሳኤኡ ታሪኻዊ ሓቂ'ኧ እንተኾነ፡ ንኣና ብኸመይ መንገዲ ይምልከተና? ማለት ትንሳኤኡስ ወንጌልዶ እዩ?

4. ታሪኻዊ ሓቅን ወንጌልን ክነሱ ብትንሳኤኡ ዘይኣምኑ ሰባትከ እንታይ ይብሉ? ስለ ምንታይከ?

## 3. ትንሳኤ ወንጌልዶ እዩ?

ወንጌል ካብ ቋንቋ ግሪኽ እተለቃሕናዮ ቃል፡ ታሪኻዊ ወረ ጥራይ ዘይኰነስ ብስራት ድማ የስምዕ፡፡ ስለዚ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ንነፍስ ወከፍ ሰብ፡ ንሓዋሩ፡ ኣብ ኩሉ ቦታታት ዝምልከቶ ብስራት እዩ፡፡ እምብኣርከስ እቲ ትንሳኤኡ፡ ከም ወንጌል፡ ንነፍስ ወከፍና ብኸመይ ከም ዚምልከተና ነስተብህለሉ፡፡

3.1 መን እዩ የሱስ ክርስቶስ ንዚብል ሕቶ ዛዛሚ መልሲ ይህበና። መን እዩ የሱስ ክርስቶስ ንዚብል ዓቢ ሕቶ፡ ትንሳኤኡ ዛዛምን ማሕተምን መንነቱ እዩ፡፡ የሱስ ክርስቶስ ብኹሉ መዘና የብሉን፡፡ ብልደቱ መዘና ዘይብሉ፡ መስተንክር፤ በቲ ጸጋን ሓቅን ዝዓዘዞን ኣበር ዘይብሉን ህይወቱ፡ መስተንክር፤ ብኣገልግሎቱ ብስልጣን መንፈስ ቅዱስ መዘና ዘይብሉ መስተንክር፤ ብቤዛዊ ሞቱ ኣብ መስቀል ልዕሊ ሰማእትነት ብምዃኑ፡ መስተንክር፤ ኩሉ ትንቢታት ዝፈጸመ መሲህ ብምዃኑ መዘና ዘይብሉ፡ መስተንክር፤ ብትንሳኤኡ ንሞት ስዒሩ ብምትንሳኡ ድማ መዘና ዘይብሉ ምዃኑ ንኹሉ መንነቱ ዝዝም ኣቢሉ ማሕተም ገበረሉ። ጳውሎስ ነቲ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ዛዛምን ማሕተምን ናይ መንነቱ፡ ወንጌል ድማ ንኣና ምዃኑን ክነግረና ኸሎ፡ ከምዚ ዚስዕብ ገይሩ ኣብ ሮሜ 1፡2-4 ይሕትቶ።

“ኣቐዲሙ ብነብያቱ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋቱ ዘተስፈዎ፡ ብዛዕባ ወዱ፡ ብስጋ ኻብ ዘርኢ ዳዊት እተወልደ፡ ንሱ የሱስ ክርስቶስ፡ ጐይታና፡ ካብ ምዉታት ብምትንሳኡ፡ ብመንፈስ ቅድስና ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ብሓይሊ እተጋህደ፡”

የሱስ ክርስቶስ መን ምዃኑ ምፍላጥ ወንጌል እዩ፡፡ ብመንነቱ ካብ ኩሎም ልኡኻት ኣምላኽ ኢና ኢሎም ዝመጹና ዘበሉ ኵሎም፡ ካብ ኣብርሃም ክሳዕ ነብያት፡ ዞራስተር፡ ቡድሃ፡ መሓመድ፡... ወዘተ፡ ንበይኑ እዩ፡፡ መንነቱ ንባዕሉ ወንጌል እዩ፡፡ ካልኦት ግና እቲ ኣለዎም ዝባሃል ወንጌል ኣብቲ ዝምህርዎ ደኣ እምበር ኣብ መንነቶም ኣይኰነን፡፡ ኩሎም ሰብ ኣበር እዮም፡፡ ንየሱስ ክርስቶስ ግና ትንሳኤኡ ማሕተም መንነቱን ወንጌሉን ስለ ዝኾነ “ወዲ ኣምላኽ” ዚብል መለዮ ተዋሂቡዎ ኣሎ፡፡

3.2 ትንሳኤኡ በረኸታት ዘምጽኣልና ወንጌል እዩ፡፡ ትንሳኤኡ፡ ማሕተም መንነቱ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ንኣመንቲ ናይ ምድሓንና ተስፋን ምንጭን ምዃኑ የረጋግጸልና፡፡ ንሰባት ኩላትና ዘሰንፉና፡



ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ሓጢኣት፡ ዓለም፡ ሰይጣን፡ ሞት እዮም፡፡ ካብ እዚኣቶም ዝሓስም ጸላኢ የብልናን፡፡ ክህልወና እውን ኣይክኣልን እዩ፡፡ ግናኸ ኩላትና ኣመንቲ፡ ሳላ ትንሳኤ ክርስቶስ፡ ኣብ ልዕሊ እዞም ዘሰንፉና ተዓወትቲ ኢኽውን፡፡

ሀ. ሳላ ትንሳኤኡ ኣብ ልዕሊ ዘሰንፉና ዓ ወት ንጭብጥ፡፡ ብኣነባብራና ካብቲ ቅኑዕ መገዲ ኣምላኽ ንዘብል፡፡ ኣብ ክንዲ ናብ መንግስተ ሰማያት ናብ ገሃነም እሳት እንህንደድ ዘሎና ኴንና ንርከብ፡፡ እግዚኣብሄር ዝሃበና ሕግታት ብምጥሓስና በደልቲ ኢኽውን፡፡ በደልቲ ጥራይ ዘይኰነስ ንኣምላኽ ዘጕህዩ፡ ምስ ሰይጣን ዝኸተቱ ሸፋቱ ኴንና ንርከብ፡፡ ኣነነት የጥቅዓና፡፡ ብዓለም እናተፈተንና ኣብ ኢክርስቶሳዊ ዝኾኑ ጠባያትን ነውርን ንወድቕ፡፡ ሓጢኣተኛ ምዃን ወጽዓኡ ከቢድ እዩ፡፡ ግናኸ ሳላ እቲ ንሞትን ንሓጢኣትን ንዓ ለምን ንዲያብሎስን ስዒሩ ዝተንስኤ የሱስ ክርስቶስ፡ ንሕና'ውን፡ ከም ኣመንቱን ሰዓ ብቱን፡ ኣብ ልዕሊ እዚኣቶም ኵላቶም ዓ ወት ንጭብጥ፡፡

ለ. ሳላ ትንሳኤኡ ሰብ ተስፋ ኢኽውን፡፡ ናይ ኩሉ ሰብ፡ ብፍላይ ድማ ትንሳኤ ናይ ጻድቃን ከም ዚኸውን ትንሳኤኡ ውሕስነትና እዩ፡፡ ንሞት ዝሰዓረ ሓደ በይኑ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ፡፡ ሳላ ትንሳኤኡ፡ ሞት መወዳእታ ኣይኰነን፡፡ እቲ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ነቶም ብእኡ ዝኣምኑ ኩላቶም፡ ክንዮ ሞት ዝሰፍሐን ዝበለጸን ህይወት ከም ዘሎ ኣሚኖም ቀሊሕ ዝብሉ ሰባት ገይርዎም ንረኽቦ፡፡ ትንሳኤኡ ሞት እነሸንፈሉ ወንጌል እዩ፡፡ ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ነቲ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ፡ ውሕስነት ትንሳኤ ኣመንቲ ገይሩ ኣብ 1ይ ቈረ 15፡20 ክዛረበሉ ከሎ ከምዚ ይብል፡ “... ክርስቶስ በኹሪ እቶም ዝደቀሱ ኾይኑ፡ ካብ ምዉታት ተንስኤ፡፡” ነቲ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ በኹሪ ብምባሉ፡ እቲ ትንሳኤ ኣመንቲ ከም ዝስዕቦ የተምብህ ከም ዘሎ፡ ነቲ ሞቶም ከም ድቃስ ገይሩ ኪዛረበሉ ከሎ ድማ ሞት መወዳእታ ከም ዘይኰነ ዚእምቶ ዘሎ ነቕልበሉ፡፡ ስለዚ ሞት፡ ነቲ ኣማኒ፡ ሳላ ክርስቶስ፡ ከም ሕንዙ ዘጥፍአ ንህቢ ስለ ዝኾነ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣርኣያ ናይ ኵሎም ኣመንቲ ኰይኑ “ዎ ሞት ኣበይ ኣሎ ብልሕኻ?” ኢሉ ክብድህ ደፈረ፡፡

እቲ ዳሕራይ ብትንሳኤ እንረኽቦ ኣካላት ምስ እዚ ሕጂ ዘሎና ከተወዳድሮ ከሎኻ ክብረት ዝዓዘዞ እዩ፡፡ ዘይኣርግ፡ ሞት ዘየሕምቕ፡ ዘለኣለማዊ ኣካላት ኪኸውን እዩ። ኣበራትን ድኻማትን፡ ጕድለታትን ሕማማትን ዘይብሉ፡ ፍጹም ኣካላት ክኸውን እዩ፡፡ ምድራዊ ደረታት ዘይብሉ፡ ሓራ ዝወጸ፡ ከም ናይ የሱስ ክርስቶስ ክኸውን እዩ፡፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ብትንሳኤ ኣመንቲ እንለብሶ ክቡር ኣካላት ኣብ 1ይ ቈረ 15፡35-57 ኣስፊሑ ይዛረብ፡፡

ሐ. ሳላ ትንሳኤኡ ናይ ሓዋሩ ብጻይ ንረክብ፡፡ የሱስ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ሕድሪ እናሃበ ክሰናበቶም ከሎ “... እንሆ፡ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ” እናበለ የጸናንዖም፡፡ ወንጌል ድሮ 2000 ዓመታት ገይሩ ኣሎ፡፡ የሱስ ክሳዕ ዝምለስ ድማ ኪቕጽል እዩ፡፡ በዘን 2000 ዓመታትን ብድሕሪኡ ክሳዕ ምምላሱን፡ የሱስ ክርስቶስ ብመንፈሳዊ ህልውና ምስ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ምህላው ብቓል ኣምላኽን ብተመክሮ ኣመንትን እንፈልጦ ጕዳይ እዩ፡፡ በቲ ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ማሕደሩ ዚገብር መንፈስ ቅዱስ እቲ ህልውና ኣምላኽ ኣብ

ህይወት ኣመንቲ ይዓዝዝ፡፡ የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ እዚ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ ዝህበና ተስፋ ከምዚ ይብል፡

“ኣነ ኸኣ ነቦ ኽልምኖ እየ፡ ንሱ ድማ ንዘለኣለም ምሳኻትኩም ዚነብር ካልእ መጸናንዒ ኺህበኩም እዩ፡ ነቲ መንፈስ ሓቂ፡ ዓለም ዘይትርእዮን ዘይትፈልጦን ስለ ዝኾነት፡ ክትቅበሎ ኣይከኣለትን እያ፡፡ ንስኻትኩም ግና፡ ምሳኻትኩም ይሓድር ኣባኻትኩምውን ኪነብር እዩ እሞ፡ ትፈልጥዎ ኢኹም፡፡ ኣነ ዘኽታማት ኬንኩም ኣይሓድገኩምን... እየ”፡፡ (ዮሃ 14፡16-18)

ክሳዕ ትንሳኤ ኣመንቲ፡ ኣብዛ ምድሪ ካብኡ ዚበልጽ ካልእ ብጻይ ኣይንረክብን ኢና፡፡ ቀረባ ኩሎም ኣመንቲ ምኽኑ ቃሉን ታእላው ዘይብሎም ተመክሮታት ኣመንትን ዘረጋግጽዎ እዩ፡፡

<u>መ.</u> <u>ሳላ ትንሳኤኡ፡ ትንቢታዊ ተስፋ ኣሎና</u>፡፡ ትንሳኤኡ፡ ዘበን ቤተ ክርስትያን ምስ ተፈጸመ፡ ንዳግማይ ምጽኣቱ ቀዲሙ ክንብል ትንቢታዊ በሪ ዝኸፍተልና ወንጌል እዩ፡፡ ዳግማይ ምጽኣቱ እቲ ጌና ዘይተ ፈጸመ ዘሎ ዝዓበየ ዕማም ትንቢት እዩ፡፡ ትንሳኤኡ ንዳግማይ ምጽኣቱ ውሕስነት ይገብረሉ፡፡ እምብኣርከስ ትንሳኤኡ ወንጌል እዩ፡፡

1. የሱስ ክርስቶስ መን ምኽኑ ትንሳኤኡ ማሕተምን ዛዛምን ወንጌል እዩ፡፡
2. ከምኡ ድማ ንህይወት እቲ ኣማኒ ዝባርኽ ወንጌል እዩ፡፡

ሀ. የሱስ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣትን፡ ክፉኣት ሰባትን፡ ሰይጣንን ዓለምን ሞትን ተዓዊቱ ንኣና ንኣመንቲ ድማ ስለ ዘዐውተና ወንጌል እዩ፡፡

ለ. ስለ ዝተንስኤ፡ እሞ ብመንፈስ ቅዱስ ገይሩ ዝቐረበ ብጻይ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ስለ ዝኾነ ትንሳኤኡ ወንጌል እዩ፡፡

ሐ. ትንሳኤኡ ነቲ ናይ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ትንሳኤ ውሕስነት ስለ ዝኾነ ወንጌል እዩ፡፡

መ. ትንሳኤኡ ናብቶም ዝስዕቡ ዓበይቲ መደባት ትንቢታት ምጽኣቱ ስለ ዝጽምብለና ወንጌል እዩ፡፡

## <u>4. ብትንሳኤ ዘይኣምኑ</u>

<u>4.1</u> ዘይምእማን፡ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን፡፡ ብትንሳኤ ዘይምእማን በቶም ሊቃውንቲ ካህናት ኣይሁድ በታ የሱስ ዝተንስኣላ ሰንበት ንግሆ እዩ ጀሚሩ፡፡ እቶም ወተሃደራት ሓለውቲ መቓብር፡ “... እቲ ዝኾነ ኹሉ ንሊቃውንቲ ኻህናት ነገርዎም፡፡ ንሳቶም ምስ ዓበይቲ ተኣኪቦም ተማኺሮም፡ ነቶም ዓቀይቲ ኸኣ ብዙሕ ወርቂ ሃብዎም እሞ፡ ብለይቲ ደቂስና ኸሎና፡ ደቀ መዛሙርቱ መጺኦም ሰሪቖምዎ፡ ኢልኩም ንገሩ፡፡ እዚ ኣብቲ ሹም እንተ ተሰምዔ፡ ንሕና ኸነረድኦ፡ ንኣኻትኩም ድማ ከም ዘይትጭነቑ ኽንገብረኩም ኢና፡ በልዎም፡፡” (ማቴ 28፡11-14)

ኣይገርመኩምንዶ? ካህናትሲ መምህራን ን መራሕትን ናይ ሓቂ ክኾኑ ዝግባእሲ፡ ብዛዕባ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ቀዳሞት ተጣበብቲ ሓሶት ኰይኖም ንረኽቦም፡፡ ስለምንታይከ ዘይኣመኑ? ተጣበብቲ ሓሶት ኰይኖምከ እተረኽቡ? ስኣን ምፍላጥ ኣይኮነን፡፡ ትዕቢት፡ ትሪ፡ ፖሊቲካ፡ ሻራ... ወዘተ፡ ንሓቂ ጥሒሶምዋ ዝህንደዱ፡ ዝላደዩ ድፉናት ሓሰውቲ ገይርዎም፡፡ ክርስቶስ ካብ ምዉታት ተንሲኡ ኪብሃል ከሎስ እንታይ ከየስዕበሎም ፈሪሆም እዮም እዚ ሓደገኛ ሓሶት እተጣበቡ? ኣምላኽ ጥራይ እዩ ከምዚ ዝበለ ትንሳኤ ክገብር ስልጣን ዘለዎ፡፡ ስለዚ ተጋጊና፣ መሲሉና፣ ይቕረ



በለልና፣ ኣብ ክንዲ ዝብሉ፡ ሓሰውቲ ምኳን ሓርዮም፡፡ ንሓቂ ምሸፋን ሳዕቤናቱ ከቢድን ዲማዊ ውርደትን ደኣ እምበር ክብረት ኣይኮነን፡፡ ንሓቂ እንተ ዘኣምኑን ዝእዘዙንሲ ንዓለም ብምልእታ ክንደይ ጽቡቕ ምኾነ ነይሩ? ነፍስ ወከፍና ንሓቂ እንተ ንስዕብከ?

<u>4.2</u> ዘይኣምኑ ብዘበን ጥንቲ ከም ዝጀመሩ ጠቒስና፡፡ ጌና ድማ ኣለዉ፡፡ ከንቱ ዝኾኑ ኣርባዕተ ዓይነት ዘይኣመንቲ ኣሕጽር ኣቢልና ንመልከቶም፡፡ ነዚኣቶም
(ሀ) ሃለዋታውያን፡ (ለ) ሃለውለዋታተውያን፡ (ሐ) ከሪግማውያን፡ (መ) ሃይማኖታውያን ዝብል መለለዪ ንሃቦም፡፡

<u>ሀ.</u> <u>ሃለዋታውያን</u>፡ የሱስ ክርስቶስ ሞይቱ ኣይኮነን ተንሲኡ፡ ዝብሉ እዮም። እንታይ ደኣ? ንዝብል ሕቶ ንምምላስ ከኣ፡ ሃለዋት ኣጥፊኡ ነይሩ እዩ ናብ ቀልቡ ተመሊሱ ይብሉ። ሃለዋቱ ምስ ኣጥፍኤ ዝሞተ መሲልዎም ካብ መስቀል ኣውሪዶም ኣብቲ በዓቲ መቓብር ምስ ኣእተዉዎ፡ ዕርፍ ምስ በለ፡ ሓይሉ ምስ ተሓደደሰ፡ ዝሕልሕል ምስ በሎ ተበራበረ፡፡ ሽዑ ነቲ እምኒ መቓብር ደፊኡ ካብ መቓብር ምስ ወጸ፡ ደቀ መዛሙርቱ ዚተንስአ መሲልዎም ተሓጒሶ፡፡ ተንሲኡ እናበሉ ናይ ምብሳር ፈንጠዝያ ጀመሩ፡፡ ብዙሓት ገርህታት ድማ ኣመንዎም፡፡

ሃለውለዎም ቀጺልና ንስምዓዮ፡፡ ካብ መቓብር ምስ ወጸ ንማርያም መግደላዊት ከም ዝረኸባ፡ ኣካላቱ ቈሲሉ ስለ ዝነበረ ኣይትተንክይኒ ከም ዚበላ፣ ደቀ መዛሙርቱ ተሓቢኦሙሉ ዝነበሩ ስቱር ገዛውቲ ይፈልጦ ስለ ዝነበረ ሰለይ እናበለ ከም ዝኸዶም፣ ዝብላዕ ከም ዝሃብዎ፡ ቍስሉ ክነቅጽ ምስ ጀመረ ኸኣ ንቶማስ ጐድኑ ከም ዘርኣዮ፣ ክብሕት ናብ ሓደ ሰብ እኳ ዘይፈልጦ ጽምዊ ቦታ ከም ዝኸደ፣ ብድሕርዚ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ብጽቡቕ ክዝክርዎ ስለ ዝደለዩ እናረኣናዮ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ዝብል ጽውጽዋይ ከም ዝጀመሩ፣ እናበሉ ሃለዋታውያን የዘንትዉ፡፡ እቲ ዝብልዎ ዝተረፈ ምድጋሙ ዋጋ የብሉን፡፡ ኣይሓፍሩንዶ እዮም ንዝመሃዝዎ ጽውጽዋይ ከም ታሪኽ ገይሮም ክነግርዎ?

ነቲ ናታቶም ጽውጽዋያት ከም ታሪኽ ጌርና ክንኣምኖ ምድላዮምሲ ንኣና ንሰማዕቲ ጸርፊዶ ኣይኮነን? ከም ኣእምሮ ዘይብሎም ሰባት ገይሮም ይወስዱና ኣለዉ ማለት እዩ፡፡ ናይ ሃለዋታውያን ሓሶት ከም ብምሔ ማይ ምቕዳሕ ኰይኑ ንረኽቦ፡፡

እንታዎትከ እዮም እዚ ሓሶታት እዚ ዝፍሕሱ? ደናቑር፡ ትምህርቲ ዘይብሎምዶ እዮም? ኣይፋሎምን፡፡ ዓለምለኻዊ ዝናታት ዘለዎም ሊቃውንቲ እዮም፡፡ ጀርመናዊ ፈላስፋ፡ ሀይንሪኽ ኣበርሃርድ ጎትለብ ፓውሉስ (1761-1851)፤ ጀርመናዊ ፈላስፋ ፍረደሪኽ ዳኒኤል ኣርንስት ሽለኢማኸር (1768-1834)፤ እንግሊዛዊ ናይ ባዮሎጂ ሊቅ፡ ቶማስ ሀንሪ ሃክስሊ (1825-1895)፤ ጀርመናዊ ፈላስፋ፡ ዮሃን ጎትፍሪድ ሀርደ (1744-1803)። ካልኦት ድማ ኣለዉ፡፡ ኣይገርምንዶ? እቲ ኣባኻ ዘሎ ብርሃን፡ ብትሪ፡ ብትዕቢት ... ወዘተ፡ እንተ ጸልመተስ ክንደይ ግብ ዝበለ ሃለውልው እዩ ዝኸውን! ይስተር! እዩ ዘብል።

<u>ለ.</u> እቶም ካልኣይ ጕጅለ፡ ሃለውለዋውያን ዝብል ስም ሂብናዮም ዘሎና፡ ነቲ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ዘሎ ትንሳኤ ዝጅልሕዎን ዝኽሕድዎን እዮም፡፡ ሃለውለዋውያን፡ ነቶም ሃለዋታውያን ተጋጊኹም ይብሉዎም፡፡ እቲ ዝህብዎ መተካእታ ግና ዝጠዓየ ኣይኮነን፡፡ እዚኣቶም ከም ዝብልዎ፡ የሱስ ክርስቶስ

ፈጺሙ ኣይተስአን፡፡ እንታይ ደኣ ንዝብል ሕቶ ዚህብዎ መግለጺ ብሕጽር ዝበለ ንርአ፡፡

እቶም ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ክርስቶስ ካብ ክቱር ሓዘንን ናፍቖትን እተላዕለ ኣእምሮኦም ተማዛቢሉ ነይሩ፡፡ ስለዚ ድማ ሓደ ድሕሪ ሓደ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ራእይታት ክርእዩን ክሓልሙን ጀመሩ እሞ፡ ከም ዝተንስአ ኣመኑ፡፡ ተንሲኡ ኢሎም ምስባኽ ከኣ ጀመሩ፡፡ ብዙሓት ገርህታት ድማ ኣመንዎም፡፡ ሽዑ ዝጀመረ ውሕጅ ዓጀውጀው ድማ እናለከመ ጌና ይግስግስ ኣሎ፡፡ ነዚ ዝጀመረት ድማ እታ ሸውዓተ ኣጋንንቲ ኣውጺኡላ ዝብሉዋ ልኽፍቲ ማርያም መግደላዊት እያ ይብሉ፡፡

ነቲ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ዘሎ ምግላጽ ናይ የሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ በተን ኣርብዓ መዓልትታት ምስኦም ዝነበረለን ቅድሚ ዕርገቱ ድማ፡ ሃለውለው ራእይታት እዩ እናበሉ መግለጺታት ይህቡና። ንኣብነት፡ ነቶም ሰብ ኤማሁስ፡ እቲ ጋሻኦም ድራሩ ምስ በልዐ፡ የቐንየለይ ከይበለ፡ ከይርኣይዎ ምሉቕ ኢሉ ስለ እተሰወረ፡ እምብኣር ማርያም ከም ዝበለቶ ተንሲኡ እዩ ኢሎም ብሸነኾም ናታቶም ወረ ጀመሩ ይብሉና፡፡ ኣብ ዕጽዊ ገዛ ተሓቢኦም ከለዉ በቲ ነቓዕ ብርቱዕ ንፋስ ሽው ኢሉ ምስ ፋጸየ፡ ሓደ ካብቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ “ሻሎም” ኢሉና ምስ በለ (ሻሎም ብእብራይስጢ ሰላም ማለት እዩ)፡ እቶም ካልኦት ድማ “እወ፡ እወ፡ ሓቑኻ” ኢሎም ኣጽደቕዎ። ኣብቲ ካልኣይ ሰንበት ኣኣምሮኦም ድሮ ባህሪሩ ስለ ዝነበረ ወዮ ንፋስ ብነቓዕ ምስ ፋጸየ፡ “ሻሎም” ሰምዑ ይብሉና፡፡ ይስተርዶ ኽንብል!

እቲ ጳውሎስ ተራእዩኒ ዝብሎኸ እንታይ ኪብሃል እዩ? ሃለውለዋውያን ከምዚ ዚብል መልሲ ይህብሉ፡፡ ጳውሎስ ሕማም ባርያ ነይርዎ፡፡ ናብ ደማስቆ ምስ ቀረበ፡ ኣብ መገሻኡ፡ ሕማሙ ናዕ ኣቢሉ ምስ ኣውደቖ ዘየሎ ድምጽን ራእይን ረኣየ፡፡ የሱስ እተራእዮን ካብ ሰማይ እተዛረቦን መሲልዎ፡ ተራኣዩኒ ኢሉ ኣመነ፡፡ እሞ፡ ካብ ሽዑ ጀሚሩ ንሓዋሩ እተለወጠ ሰብ ኰነ፡፡

እዞም ሃለውለዋውያን ኢልናዮም ዘሎና ስ በዓል መንከ እዮም? ዘይተማህሩዶ እዮም? ኣይፋሎምን፡፡ እዞም ዝስዕቡ ሰብ ዝና ክንጠቅስ ንኽእል፡፡ ጀርመናዊ ፈላስፋን ናይ ስነ መለኮት ሊቅን፡ ደቪድ ፍረድሪክ ስትራውስ፡ (1808-1874)፤ ፈረንሳዊ ፈላስፋን ናይ ታሪኽ ሊቅን ጆሴፍ ኣርንስት ረናን፡ (1823-1892)፤ ጀርመናዊ ናይ ታሪኽን ስነ መለኮትን ሊቅ፡ ኣዶልፍ ሃርናክ (1851-1930)፡፡

ኣይገርምንዶ? ኣቦታትና ዝብልዎ ምስላ ታትሲ ኣዝዩ ጥልቂ፡ ሓቂ፡ ሚዛናዊ ትዕ ዝብቲ ኣለዎ? “ለባም ምስ ዝጋገስ መራግእቲ ነይሓድግ” ይብሉ፡፡ መሊሶም ከኣ “እዝን ክትግዕታዶ ክንድዚ ትርህጻ?” ዚብልዎ ከመይ ሓቂ ኰይኑ ንረኽቦ።

መብዛሕትኡ ጊዜ ራእዩ ርኢና፡ ሕልሚ ሓሊምና ... ወዘተ፡ ዝብሉ ሰባት ኣቐዲሞም በዚ ነገራት እዚ ዝኣምኑ፡ ዝደልይዎ ዝጽበዩ ሰባት እዮም፡፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ግና ትንሳኤ ኣብ ባህሎም፡ ኣብ ሓሳቦም፡ ኣብ ትጽቢቶም ኣይነበረን፡፡ ምስናይ እዚ ራእይን ሕልም ታትን ናይ ውልቀ ሰባት ተመክሮታት ደኣ እምበር ብጕጅለ ኣይሕለምን፡ ራእዩ ኣይርኣይን እዩ፡። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ከምኡ ዓይነት ሰባት ኣይነበሩን፡፡



ሐ. እቶም ሳልሳይ ጕጅለ ከሪግማውያን ኢልና ሰሚናዮም ዘሎና ኸኣ ንትንሳኤ ጅልሕ የብልዎ። ከሪግማ ናይ ግሪኽ ስነ መለኮታዊ ቃል ኰይኑ፡ ጭርሖ (መፎከር) ድማ የስምዕ፡፡ ከሪግማውያን ንትንሳኤ ከምዚ ገይሮም ይገልጽዎ፡፡

ኣቐዲሞም፡ ነቲ እቶም ሃለዋታውያንን ሃለውለዋውያንን ዝገበርዎ ጌጋታት ይእርምዎም፡፡ ብድሕሪኡ፡ ዝበለጸ ተባሂሉ፡ ናቶም ርእይቶ ብዛዕባ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ከምዚ ገይሮም ይህቡ፡፡ የሱስ ክርስቶስ ንባዕሉ ኣይኰነን ብሓቂ ካብ ምዉታት ተንሲኡ፡ ወይ ዓዊሉ ጸኒሑስ ናብ ሃለዋቱ ተመሊሱ፡ ወይ ድማ ደቀ መዛሙርቲ ኣእምሮኦም ስሒቶም ዝገበርዎ ዓጀውጀው እውን ኣይኰነን፡ ይብሉ፡፡ እንታይ ደኣ፡ ትንሳኤ ከሪግማ (ጭርሖ) እዩ ይብሉና። ማለት፡ እቲ የሱስ ክርስቶስ እተጋደለሉን እተሰውኣሉን ሓቅን መትከልን ዕላማን እንታይ ምዃኑ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ኣብቲ ሰለስተ መዓልትታት ዘሎ እዋን፡ ንመጀመርያ ጊዜ ብጥልቂ ተረድእዎ፡፡ ነቲ ንሱ ዝፈለሞ ቃልሲ ድማ ኣሚኖሙሉ፡ መኪቶም ክቕጽልዎ መደቡ፡፡ ተቢያምን ዓቢ መስዋእቲ ከፊሎምን ድማ ነቲ ቃልሱ ቐጸልዎ፡ ይብሉ፡፡

ንከሪግማውያን ትንሳኤ ናይ የሱስ ክርስቶስ፡ ተረዲእካ፡ ኣሚንካ፡ እትምክተሉ ስነ ሓሳብን ቃልስን እዩ፡፡ ከሪግማዊ ስነ መለኮትን ፍልስፍናን ዝኽተሉ ብዙሓት እኳ እንተኾኑ፡ እቲ ምርኡይ መራሒ ኰይኑ ዝርከብ ሩዶልፍ ቡልትማን እተባህለ ጀርመናዊ ሊቅ እዩ። (1884-1976) ከም ኣተሓሳስባን ፍልስፍናን ናይ ዶር ቡልትማን እቲ ወሳኒ እንታይ ኰነ ኣይኰነን፡ እቲ ዝኣምን ሰብ ክሳዕ ክንደይ ኣመነ እዩ፡፡

ርግጽ እዩ እምነት ኣብ ሃይማኖት ኰነ፡ ፖሊቲካ፡ ሰልፊ፡ ቃልሲ ... ወዘተ፡ ኣዝዩ ዓቢ ግደ ክህልዎ ይኽእል እዩ፡፡ እንተ ኾነ'ውን መተካእታ ናይ ብሓቂ እተፈጸመ ታሪኽ ኪኸውን ከቶ ኣይክእልን እዩ፡፡ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ድማ ቅድሚ ወንጌል ወይ ጭርሖ ምዃኑ ከም ዶር ቡልትማን ዝብልዎ፡ እተፈጸመ ታሪኻዊ ሓቂ እዩ፡፡

ነዞም ሰለስተ ዝሰመናዮም ጕጅለታት፡ ሃለዋታውያን፡ ሃለውለዋውያን፡ ከሪግማውያን ትንሳኤ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኢሳይንሳዊ ኰይኑ ስለ ዝረኸብዎ ክቕበልዎ ኣይከኣሉን፡፡ ስለዚ ነቲ ትንሳኤ መሰረቱን ሱሩን ገይሩ ዝጀመረ ሃይማኖት ክርስትና መንቀሊኡ ክረኽቡሉ ናይ ግድን ኰኖም፡፡

ንሞት ኣሸኒፉ፡ ብርግጽ ዝተንስኤ ብዘይ የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ሕጂ ኰይኑ ኣይፈልጥን፡፡ ስለዚ እቲ ትንሳኤኡ፡ ከምቲ ሓዲስ ኪዳን ዝገልጾ፡ ኢሳይንሳዊ፡ ምስ ካልእ እንፈልጦ ክሳኧዕ ዘይኽእል ኰይኑ ረኺብዎ፡፡ እሞ ክነጽግዎ፡ ንተቐባልነት ኣእምሮኦም ከም ዝሰማማዕ ገይሮም ክትርጕምዎ፡ ኣብ ዘይእመን ገደላት ከእትዉና ህርድግ ይብሉ፡፡ ኣይንእቶ!! ኣይንስዓቦም፡፡ ሓቅን ሓሶትን ዘለልዩ ርዱኣት ኣመንቲ ደኣ ንኹን፡፡

መ. ዘይኣምኑ ሃይማኖታት፡ ብትንሳኤ ናይ የሱስ ክርስቶስ ዘይኣምኑ ሃይማኖታት ከም ዘለዉ ክንዝክር ይግብኣና። እዚኣቶም ኣየኖት ምዃኖም ኣፍልጦ ክህልወና ምስማዮም ጥራይ ይኣኽለና፡፡

እቶም ብትንሳኤ ናይ የሱስ ክርስቶስ ዘይኣምኑ፡ ሞርሞናውያን፡ ተዮሶፋውያን፡ ናይ የሆዋ መሰኻኽር፡ ኣንድነታውያን፡ ክርስትያን ሳየንስ፡ ቡዲስት፡ ባሃይ፡ ኑው

ኣይጅ፡ ሳይንቶሎጃውያን፡ ከምኡ እውን ዝተፈላለዩ ናይ ምብራቕ ሃይማኖታት፣ ናይ መወዳእታ ዘበን ነብያት፡ የሱሳውያን፡ ምስልምና፡ ሰይጣናውያንን ዓለም-ለኻውያንን ከምኦም ዝኣመሰሉ ካልኦትን የጠቓልል፡፡ እዚኣቶም ኩላቶም ብትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ከምቲ ሓዲስ ኪዳን ዝምህሮ ዘይኣምኑ እዮም፡፡

## 5. መጠረፍታ

ብዛዕባ ትንሳኤ ናይ የሱስ ክርስቶስ፡

1. ትንሳኤኡ ታሪኻዊ ሓቂ፡ ምዃኑ ተዛቲናሉ፡፡

2. ንነፍስ ወከፍ ሰብ ዚምልከቶ እንባረኸሉ ወንጌል ምዃኑ ድማ ተመራሚርናሉ፡፡

3. ነቲ ትንሳኤ ገሊኦም ዝኽሕድዎ፡ ገሊኦም ዝጥምዝዝዎ፡ ገሊኦም ድማ ዝጅልሕዎ ከም ዘለዉ ከኣ ኣስተብሂልና፡፡ እዚኣቶም ኩላቶም ዝብልዎ እንዶ ዘይብሉ ምዃኑ ከኣ ርኢናዮ፡፡

ብትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ከም ባህሊ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ከምቲ ሓዲስ ኪዳን ዚብሎ ብኣእምሮን ብልብን ርዱኣት ኣመንቲዶ ኢና? እንታይ ከም እንኣምንን ስለምንታይ ከም እንኣምንን ንፈልጥዶ ኢና? ወንጌል ትንሳኤኸ ተመክሮናዶ እዩ?

> ንሞት ዝሰዓረ ሓደ በይኑ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ፡፡ ሳላ ትንሳኤኡ፡ ሞት መወዳእታ ኣይኮነን፡፡

## ሓቀኛ ደገ

ብዙሕ ናይ ኣቦታት፡ ኣብ ደቂ ሰብ ኣሎ፡
ኵሉ በብናቱ፡ ናተይ ጽቡቕ ዚብሎ፡
ናብ መንግስተ ሰማይ፡ ዜእቱ ዚመስሎ፡
ጽቡቕን ክፉእን፡ ባዕሉ ከይኰለሎ።
ኵሎም ዚኣትዉሉኸ፡ ብዙሕ ደገዶ ኣሎ?
ደገስ ሓደ እዩ፡ ተረኺቡ ዘሎ።
ደቂ ሰብ ኵልና፡ ነዚ ነስተውዕሎ፡
ኣነ እዩ ዚብል፡ ብርቱዕ ኣዋጅ ኣሎ።[1]

ደቂ ሰብ ኵልኹም ብጃምላ እትነብሩ፡
ብሉይን ሓዲስን፡ ደኣ ተማሃሩ።
ለይቲ ምስ መዓልቲ፡ ተጊህኩም መርምሩ።
ንጽሩይ ሃይማኖት ክትረኽብዎ ሱሩ።
ሃይማኖትዶ ይኸውን፡ ከቶ ብስውሩ?
ተመርሚሩ፡ ኸይተፈልጠ ባህሩ?

ኣረማዊ፡ ብናቱ ፈኪሩ፡
ኣይሁዳዊ፡ ብናቱ ፈኪሩ፡
ናይ መሓመድ ወገን፡ ብናቱ ፈኪሩ፡
በዓል ገድሊ ድርሳን፡ ብናቱ ፈኪሩ፡
ብዙሕ ደገ የልቦን፡ ሓደ እዩ በሩ።
የሱስ ክርስቶስ፡ ኪመጽእ ብኽብሩ፡
ኵፍ ኢሉ ኺፈርድ፡ ንሱ ኣብ መንበሩ፡
ወንጌል ጥራይ እያ፡ ሓንቲ ምስክሩ።

ወንጌል ጥራይ ግዳ እምነትኩም ግበሩ።
ንዑኡ ምስ ርኤኹምዎ፡ ጽባሕ ከይትሓፍሩ።

[1]ማቴ 25፡31-46 ዮሃ 10፡1፣ 14፡6
ራእ 20፡11-15 ኣንብቡ።

**ኣባ ገብረ ስላሴ፡ 1913 ዓ.ም**

"ብእኡ ኪንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፡ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን።"
ግብ 4፡12